

# ናይ ሃይማኖት ጸሎት

ኩሉ ብዝሓዘ ሰማያትን ምድርን ዝርኣን ዘይርኣን ዝፈጠረ፡ ብሓደ ኣምላኽ ብእግዚኣብሔር ኣብ ንኣምን። ብሓደ ጐይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ወልደ ኣብ ዋሕድ’ውን ንኣምን።

ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ብመለኮቱ ምስ ኣብ ማዕረ ዝኾነ፡ ኩሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡ ብዘይካኡ ግና ኣብዚ ምድሪ ዘሎ ይኹን ወይስ ኣብ ሰማይ ዘሎ ምንም ዝተፈጥረ የልቦን።

ምእንታና ምእንቲ ሰብ ምእንቲ ምድሓንና፡ ካብ ሰማያት ዝወረደ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ሥጋ ለበሰ፡ ሰብ ኮነ፡ ሰብ ኮይኑ ድማ ብዘበን ጰንጤናዊ ጲላጦስ ምእንታና ተሰቕለ፡ መከራ መስቀል ተቐበለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፡ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከም ዝተጻሕፈ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ምዉታት ተፈልዩ ተንሥአ፡ ብኽብሪ ናብ ሰማያት ዓረገ፡ ኣብ የማን ኣቡኡ ተቐመጠ፡ ከም ብሓድሽ ንሕያዋንን ንሙታንን ኪፈርድ ብኽብሪ ኪመጽእ ኢዩ፡ ንመንግሥቱ ድማ መወዳእታ የብሉን።

ጐይታን መሕወይን ብዝኾነ፡ ካብ ኣብ ዝሰረፀ መንፈስ ቅዱስ ንኣምን፡ ምስ ኣብን ወልድን ክንሰግደሉን ከነመስግኖን ብነቢያት ዝተነግረ ኢዩ።

ልዕሊ ኹሉ ብዝኾነት ናይ ሓዋርያት ጉባኤ፡ ብሓንቲ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ንኣምን። ሓጢኣት ንምስትሥራይ ብሓንቲ ጥምቀት’ውን ንኣምን። ትንሣኤ ሙታንን ንዘለዓለም ዝመጽእ ሕይወትን ተስፋ ንገብር፡ ኣሜን።

